# ብዛዕባ ቍስሊ ዚገልጽ መምርሒታት ሕክምና

## ዝኸበርኩም ወለዲ፣ ዝኸበርኩም ዓማዊል፣

ንስኹምን ውሉድኩምን ሓሰኻ ዓበቕ ኸም ዘሎኩም ተፈልጠ፣ ንስኹም እውን ivermectin-biomo 3 mg ከኒናታት ዚብሃል ብሰንኪ ነድሪ ቘርበት ዚመጽእ ረኽሲ ኽትሕከም ትእዛዝ ተዋሂቡካ ኣሎ። ብተክኒካዊ ኣዘራርባ እቲ ምስ ዓንኬል ዚተሓሓዝ ሕማም ስንክልና ተባሂሉ እውን ይጽዋዕ እዩ። ነዚ ሕማም እዚ ብዕዉትን ብቕልጡፍን ምእንቲ ኽትሕክሞ ብኽብረትካ ነቲ ሓኪምካን ነዚ ዚስዕብ ሓፈሻዊ ሓበሬታን ስዓቦ።

## ስካቢስ እንታይ ድዩ፧

,ሓሰኻ ዓበቕ ስካቢስ' ጥራይ ዳርጋ 0.3 - 0.4 ሚሊሜተር ንውሓቶም፣ ብሓያል ዓጽሞም ምንጋጋ ኣብ ንዓሸቱ ኮርድዮታት ኣብ ቆርበት ወድ-ሰብ ይፍሕሩ እዮም። ፍልይ ዝበሉ ቦታታት ኣካላት ከም ንኣ. ኣእዳውን ኣእጋርን ማእኸላይ ምናትን ወይ ጾታውያን ቦታታት ብሓሰኻ ዓበቕ ተፈትዮም እዮም። ኣብቶም መጥቃዕቲ ዝተገበረሎም ቦታታት ብርቱዕ ምስሓይ ይመጽእ እዩ፣ ብፍላይ ለይቲ ኣብ ሙቐት ዓራት። ጥራይ ብዓይኒ ወይ ብግላስ መንበቢ ዘይስሩዓት ኣዝዮም ደቓቕ ንዓሸቱ ኮርድዮታት ክትረጋገጹ ትኽእሉ። ብበከልቲ ቁስልታት ከምኡ'ውን ብምስሓይ ኣብ ዘስሕዩ ቦታታት መብዛሕትኡ ግዜ ንውሕ ዝበሉ ማይ ምዕጎ ወይ ጽያት ክመጹ፣ ብድሓር ንቒጽ ክኾኑ እዮም። ቆልዓኹም ብስካቢስ ሓሰኻ ዓበቕ እንተተጠቂዑ፣ ሳዕቤን ናይ ዘይእኹል ግላዊ ጽሬት ማለት እዩ ኣይኮነን። እቶ ባልዕ ፍልልይ ኣብ መንጎ ዕድመን ጽርየትን ወይ መርገጽ ሰብ ኣይገብሩን እዮም። ግና ስጉማት ጽሬታ ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም፣ እዞም ረበሽቲ ባልዕ ብነዊሕ ግዜ ከተልግሱዎም እንተ ደኣ ደሊኹም። ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ነዚ ዚስዕብ ጥቕሲ ርአ።

## ምሕልላፍ ስካቢስ ከመይ ድዩ ዝፍጸም፧

ስካቢስ ሓሰኻ ዓበቕ ብብዙሕ ርክብ ቆርበት ካብ ሰብ ናብ ሰብ እዩ ዝመሓላለፍ። ድሕሪ እቲ ምሕልላፍ ኖርማል 2 ክሳብ 6 ሰሙናት ክሳብ ቀዳሞት ምልክታት ክትርእዩ ይጸንሕ እዩ፣ ኣብ ዳግመ-መጥቃዕቲ ዋላ ዝወሓደ ግዜ እዩ። ብሕልፊ ኣብ ናይ ሓባር ትካላት፣ ከም ንኣ. ኣብ ቤት-ትምህርታት፣ መዋእለ ህጻናት፣ ዑቕባታት ቆልዑን ዓበይትን ክንክንን ብዝያዳ ክቕልቀል ይከኣል። እዚ ብሕልፊ መደቀሲ ቦታታት ብሓንሳብ እንተተጠቐሙ ክፍጸም እዩ። ምሕልላፍ ብክዳን ዓራት፣ ሸፋናት፣ ኮቦርታታት ሳሕቲ እውን ይከኣል እዩ። ቍርን ዳህርን ኣብ ዘለዎ ክሊማ እውን ካብ ኣካላትና ወጻኢ ን3-4 መዓልቲ ብህይወት ኪቕጽል ይኽእል እዩ።



## ivermectin-biomo 3 mg ብኸመይ ከም እትጥቀመሉ

ivermectin-biomo 3 mg/ሚሊግራም ከኒናታት ምስ Ivermectin ዝብሃል መልዓሊ ብውልቂ በብክብደት ኣካላት ይዕቀን (0.2 ሚሊግራም ብሓደ ኪሎግራም ክብደት ኣካላት)። ሓኪምካ ወይ ሓኪም ፋርማሲ ክንደይ ጽላታት ኪውሰድ ከም ዘለዎ ኺጽብጽበካን ኪሕብረካን እዩ። እቲ ኣብ ክፋል

ቍጽሪ እቲ ሓኪምካ ብኡንብኡ ዝኣዘዘልካ ጽላታት ኣብ ጥራዩ ኸስዐማይ ሒዝካ ውሰዶ። ምግቢ ነቲ መድሃኒት ናብ ኣካላትና ኪስሕቦ ኸሎ ብኸመይ ከም ዚጸልዎ ስለ ዘይፍለጥ ነቲ ጽላት ቅድሚ ምውሳድካን ድሕሪኡን ንኽልተ ሰዓት ዚኣክል ምግቢ ኣይትብላዕ።

ነቶም ትሕቲ 6 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ እቲ ጽላታት ቅድሚ ምውሓጡ ኺጨፍለቕ ኣለዎ።





## መዓስ ኢኻ ነቲ ጽላታት ክትወስዶ ዘሎካ፧

ኣብ ዝኾነ ይኹን መዓልቲ ኺውሰድ ይከኣል እዩ። ቍጽሪ እቲ ኣብ ጥራዩ ኸስዐ እተጸብጸበልካ ጽላታት ውሰድ። ድሕሪ ምውሳድካ 24 ሰዓት ጸኒሕካ ናብ ስራሕ ክትምለስ ወይ ቈልዑ ናብ ኣባይተ ሕጻናት ወይ ቤት ትምህርቲ ኺምለሱ ተፈቒዱልካ ኣሎ።

## ቅድሚ ምውሳድካ ኽትፈልጦ ዜድልየካ ነገራት ኣሎዶ፧?

ኣጻብዕካን ኣጻብዕ ኣእጋርካን ብእተኻእለካ መጠን ሓጺር ግበሮ ተጠንቂቕካ ድማ ኣጽርዮ። ነዋሕቲ መሳምር ነቲ ቍስሊ መሕብኢ ቦታ ክኾኖ ይኽእል ኢዩ።



## እቲ ሕክምና ዕዉት ንምኧኑ ኣየናይ ካልእ ናይ ጽሬት ስጉምትታት ኢዩ ኣድላዪ፧

### ቅያር ክዳን

ነቲ ጽላታት ምስ ምውሳድ ጥራይ ሓድሽ ክዳውንቲ ተኸደን። ኣብቲ ኽዳን ሚዛን ቈርበትን ዓንኬልን ኪህሉ ይኽእል እዩ።
ድሕሪ እቲ ሕክምና ሓድሽ ዓለባ ተጠቐም እንተ ወሓደ ን4 መዓልቲ ድማ ሓድሽ ክዳውንቲ ተኸደን። ብተወሳኺ ንግሆ ድሕሪ እቲ ሕክምና ነቲ ልሕሉሕ ዓራት ቀይሮ።

### ግቡእ ምሕጻብ

ኣብተን ዳሕሮት 4 መዓልትታት ዚዝውተር ዝነበረ ዓራት በፍታን ዓለባን ክዳውንትን እንተ ወሓደ 60 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ኣብታ መሕጸቢ ማሽን ኪሕጸብ ኣለዎ። ኵሉ እቲ ዝገበርካዮ ኽዳውንቲ (እንተ ወሓደ 60 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ) ከምኡውን ንነዊሕ እዋን ሰብነትካ ዚትንክፍ ነገራት (ብመሰርሒ ጸቐጢ ደም፣ ጫማ፣ መጻወቲታት ከምኡውን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገራት) ን72 ሰዓት ኣብ ናይ ፕላስቲክ ቦርሳ ኺዕቀብ ኣለዎ፣ ነዚ ድማ ብግቡእ ዓጽዩ ኣብ ንቑጽን ምዉቕን ቦታ (እንተ ወሓደ 21 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ) ኪኽዝኖ ኣለዎ።

ኣብ 60 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ዘይሕጸብ ክዳውንቲ እውን ኪነቅጽ ይኽእል እዩ። ሓድሽን ጽሩይን ክዳውንቲ ኽይተወላወለ ኪኽደኑ ይኽእሉ እዮም።

### ካልእ ነገራት

ፍርናሽ፣ እተዓብለለ ኣቕሑ፣ መተርኣስ ከምኡውን ምንጻፋት በቲ ፋኑስ ዘጽሪ ሓንሳእ (ድሕሪኡ ነቲ መጻረዪ ኣጸቢቕካ ኽትልውጦ ወይ ከተጽርዮ ኣሎካ) ኣጸቢቕካ ኽትጸሪ ኣሎካ። ኵሉ ኻልእ ባይታታትን ኣቕሑን ጠሊ ምስ ኰነ ኺጸሪ ኣለዎ።

ኣብ ገዛ ፈውሲ ባልዕ (ፈውሲ ባልዕ ወይ ጸረ - ነፍሳት ኢንሰክት) ምጥቃም ርትዓዊ ወይ ጠቓምዎ ኣይፈልጥን ኢዩ። እቶም ጸረ-ነፍሳት ነቲ ስካቢስ ሓሰኻ ዓበቕ ንምፍዋስ ዋላ ሓንቲ ውጽኢት ኣይገብሩን ኢዮም።

### ድሕሪ እቲ ሕክምና ኣብ ዘሎ መዓልትታት እንታይ ኢና ኽንምርምር ዘሎና፧

መብዛሕትኡ ግዜ ivermectin-biomo 3 ሚሊግራም ዘለዎ ሓንሳዕ ዝኾነ ሕክምና እኹል እዩ። እቲ ንሕማም ስካቢስ ንቡር ዝኾነ ስሓይ መብዛሕትኡ ግዜ ንሒደት መዓልትታት ክሳብ ሰሙናት እዩ ዚቕጽል።

እዚ ኸምዚ ኢሉ ኸሎ ካብ ቃንጥላ ቈርበትካ ንምቅላል ብናይ ቆርበት ስጉምትታት (ንኣብነት ጠሊ ዘለዎ ክረም) ኽትከናኸን ትኽእል ኢኻ። ከቢድ ቃንዛ/ስሓይ እንተ ድኣ ኣጋጢሙካ ሓኪምካ ጸረ-ፕሪሪቲካዊ ምድላዋት ክእዝዝ ይኽእል ኢዩ።

### እቶም እትረኽቦም ሰባት ከ እንተላይ ክሕከሙ ኣለዎም፧

ኣብ ሓደ ገዛ ዚነብሩ ሰባት መብዛሕትኡ ግዜ ኹሎም ኣባላት ገዛ/ስድራ ካልኦት ናይ ቀረባ ርክባትን ከም ለውጢ ቈርበት ወይ ቃንዛ ስሓይ ዝኣመሰለ ምልክታት የጋጥሞም ኣይሃልዎም ብዘየገድስ ብርግጽ እውን ኪሕከሙ ኣለዎም። ሓኪምካ መን ተሓባቢሩ ኺሕከም ከም ዘለዎ ኺውስን ኣለዎ።

**መዘኻኸሪ፥** ትሕዝቶ እዚ መንሹር/ብሮሹር እዚ ሓበሬታ ንምርካብ ጥራይ እዩ፣ ንሕክምናዊ ምኽሪ እውን ኪትክኦ ኣይክእልን እዩ። ፍሉያት ሕቶታት እንተለው ንሓኪም ርኸቡ ብኽብረትኩም።


biomo® pharma GmbH

Josef-Dietzgen-Straße 3
53773 Hennef
Telefon 0 22 42 87 40-0
Fax 0 22 42 87 40-499

www.biomopharma.de
biomo@biomopharma.de



IHR FAMILIEN UNTERNEHMEN aus Deutschland seit 1986